# ዘበን ዝፋን ኣምላኽ
## ራእይ 4፡2ለ-4

መዋእል ቤተ-ክርስትያን ኣብ ምድሪ ምስ ተዛዘመ፡ ናብ ሓድሽ መዋእል ይኣቱ። ነዚ፡ መዋእል ዝፋን ዚብል ስም ሂብናዮ ኣሎና። ናይ ትንቢት ትምህርትና ብዛዕባ እዚ መዋእል ዝፋን ብመሰረት ራእይ ዮሃንስ ምዕራፍ ኣርባዕተ ኽንጅምሮ።

እቲ ቐዳማይ ኣተኩሮና ኣብ 4፡1-2ሀ ዓሚምናዮ ኣሎና። ነዚ ኣብ ሰለስተ ሓረጋት፡ "ድሕርዚ"፡ "ኣብ ሰማይ"፡ "ዝፋን"፡ ብዝብሉ ቃላት ናይ እቲ ጥቕሲ ጠርኒፍና ድማ ተዛቲናሉ። ቀጺልና፡ በቲ ኣብ 4፡2ለ-4 ዘሎ ዝርዝር መልእኽቲ ብዛዕባ እቲ ዝፋን ከምዚ ዝስዕብ ጌርና ንመልከቶ።

1. መዋእል ዝፋን ድሕሪ መዋእል ቀንዴል።
2. መንነት ናይ እቲ ኣብቲ ዝፋን ዘሎ።
3. ግርማ ናይ እቲ ኣብ ዝፋን ዘሎ።
4. ኣብ ዙርያ እቲ ዝፋን ዘለው ዕስራን ኣርባዕተን ሽማግለታት።

### 1. ድሕሪ መዋእል ቤተ-ክርስትያን፡ መዋእል ዝፋን።

ኣተኩሮ ናይ ምዕራፍ ኣርባዕተ ናይ ራእይ ዮሃንስ ኣብቲ ዝፋንን ኣብቲ ኣብ ዝፋን ዘሎ ኣካልን እዩ። መን እዩ ንሱ? ኣቐዲምና ኣብ ራእይ 1፡10-3፡22 ተመልኪትና። ናይ'ዚ ኣተኩሮ ድማ ኣብ እቲ ኣብ ማእከል ቀንዴላት ወርቂ ዘሎ፡ ትንቢታዊ ትእምርቲ ህልውና የሱስ ክርስቶስ ኣብ ታሪኽ ቤተ-ክርስትያኑ ይምህረና። ብዛዕባ መዋእል ቤተ-ክርስትያን ካብ እትምስረት ክሳዕ ዳግማይ ምምላሱ ድማ ይዓምም።

ዘበን ቤተ-ክርስትያን ድሕሪ ኣሽሓት ዓመታት ክዛዘም እዩ። ብድሕሪኡ፡ እንዛረበሉ ዘሎና፡ ዘበን ዝፋን ኣምላኽ ክም ዝጅምር፡ ዮሃንስ ብትንቢት የረጋግጸልና።

ዝፋን፡ ናይ መንግስታዊ ምልኪ ምልክት እዩ። ድሕሪ መዋእል ቤተ-ክርስትያን፡ መዋእል ዝፋን ኪመጽእ እዩ።

### 2. መን እዩ ኣብቲ ዝፋን ዘሎ?

እዚ መዋእል ዝፋን ዋና ዘለዎ ድኣ እምበር፡ ባዶ ዝፋን ወይስ ናይ ወዝቢ (ዝነፍዐ ዝሓዞ ወይ ዥነታት ዘምጽኦ) ከም ዘይኮነ ክነቕልበሉ፡ "ኣብቲ ዝፋንውን ሓደ ተቐሚጡ ነበረ" ይብል። ኣምላኽ ኣብ ዝፋኑ ከም ዘሎ ከቶ ኽዝንጋዕ ዘይብሉ ሓቂ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ደሚቑ ዝግሃደሉ መዋእላት ከም ዚመጽእ ድማ ርግጽ እዩ። ሓደ ካብኡ ድማ እቲ ብድሕሪ መዋእል ቤተ-ክርስትያን ኺግሃድ ዘለዎ ይኸውን።

ዮሃንስ እቲ ኣብ ዝፋን ዝነበረ መን ምዃኑ ርዱእ ምንባሩ ግናኽ ከመይ ገይሩ ከም ዝገልጾ ከም ዝበርትዮ፡ እሞ ስእሊ ናይቲ ኣብ ዝፋን ዘሎ ኣካል ክህበና ከም ዘይህቅን ንምልከት። ስለዚ "ኣብቲ ዝፋንውን ሓደ ተቐሚጡ ነበረ፡" ኢሉ ጥራይ ኺድምድሞ ኸሎ ንርኢ (4፡2)።

ቅድሚ ዮሃንስ ዝነበሩ ኩሎም ነብያት፡ እኒ ኢሳይያስ፡ ህዝቅኤል፡ ኤርምያስ ድማ ስእለ-ቃል ናይ ምስሊ ኣምላኽ ክህቡና ከም ዘይህቅኑ ንምልከት። ኣምላኽ ልዕሊ እቲ ክንሓስቦ፡ ክንገልጾ፡ ክንስእሎ እንኽእል እዩ።

ስለዚ ድማ እዩ የሱስ ክርስቶስ ንፊሊጶስ፡ "ጐይታይ፡ ነቦ ኣርእና እሞ ይኣኽለና ምስ በሎ፡ "ፊሊጶስ፡ እዚ ኽንድዚ ዚኣክል ዘመን ምሳኻትኩም ክነብር ከሎኹስ፡ ኣይትፈልጠንን ዲኻ? እቲ ንኣይ ዝረኣየ ነቦ ረኣዮ። ከመይ ኢልካኸ፡ ነቦ ኣርእየና፡ ትብል ኣሎኻ … " ኢሉ መለሰሉ (ዮሃ 14፡8-9)።

## 3. ግርማ ናይ እቲ ኣብ ዝፋን ዝነበረ (4፡3)።

ዮሃንስ ብዛዕባ እቲ ኣብ ዝፋን ዝነበረ ኣካል፡ ግርማ ዝዓዘዞ ከም ዝነበረ፡ "ይመስል"፡ እናበለ ዝህበና መብርሂ ንመልከት።

### 3.1. <u>ትርኢት ናይ እቲ ኣብ ዝፋን ዝነበረ (4፡3)</u>

እምኒ ያስጵስን ሰርድዮስን ይመስል። ነቲ ኣብ ዝፋን ዝነበረ ኣካል ባዕሉ ኺገልጾ ኣይክኣለን። ነቲ ኣብቲ ዝፋን ዓዚዙ ዝነበረ ግርማ ግና ክገልጾ ፈቲኑ። ክልተ ቃላት ግሪኽ ናይ ስልማት ይጥቀም። እዚኣቶም ከም እኒ ወርቂ፡ ሉል፡ ኣልማዝ … ወዘተ፡ ክቡራት ናይ ጌጽ ኣዕናቝ፡ ውዕዉዕ ሕብራዊ ብርሃናት ዘንጸባርቑ እዮም።

ብዙሕ ጊዜ ነቲ ግርማን ክብርን ስልጣንን ፍርድን ምሕረትን ናይ ኣምላኽ ንዝንግዖን ንስሕቶን ኢና። ከም ዕዉራት ዘይርእዩ፡ ከም ጸማማት ዘይሰምዑ፡ ከም ዘየስተብህሉ ብሃማት ኬንና ብማእከል እቲ መስተንክር ፍጥረቱን፡ ጸጋኡን ንሓልፍ። ነዚ ድፍንትና ርእዮም ከኣ እዮም ነብያት ዝሓዝኑን ዘልቀሱን (ኢሳ 1፡2-9 ሉቃ 19፡41-45)።

### 3.2. <u>ከቢብ ስመራግድ ቀስቲ ደበና ናይ እቲ ዝፋን።</u>

እቲ ዝፋን ስመራግድ ዝሕብሩ፡ ዓንኬል ዘይኰነስ፡ ከቢብ ዝቖስተ ደበናኡ ስልማት ነይርዎ።

<u>ሀ.</u> ትእምርቲ ቀስተ ደበና ምዃኑ።

እቲ ናይ መጀመርታ ቀስተ ደበና ናይ እግዚኣብሄር ናይ ቃል ኪዳን ምልክት ኰይኑ ኣብ ዘፍ 9፡8-17 ንረኽቦ። ትእምርቱ ድማ ኣምላኽ ኪዳኑ ዝሕሉ ድኣ እምበር ኣምባገነን ብዓል ስልጣን ከም ዘይኰነ ዝሕብር እዩ። እምበኣር ዝፋን ኣምላኽ ኪዳኑ ዝሕሉ ዝፋን እዩ።

<u>ለ.</u> ትእምርቲ ስመራግድ ሕብሩ።

ነቲ ዝፋን ዓጢቕዎ ዝነበረ ስመራግድ (ሓምላይ) እዩ። ነቶም ቀዳሞት ውዕዉዓት ቀይሕ ዝሕብሮም (ያስጲስን ሰርድዮስን) ድማ እዚ ከቢብ ስመራግዳዊ ቀስቲ ይዕብልሎ። ሓምላይ ትእምርቲ ናይቲ ዓብላሊ ዝኾነ ጸጋ ኣምላኽን ምሕረቱን የመልክት።

<u>ሐ.</u> ትእምርቲ ከቢብ ምዃኑ።

ሕብሩ ሓምላይ፡ ዕማሙ ድማ ዓንኬል ጥራይ ዘይኰነስ ከቢብ እዩ። ማለት ጸጋኡን ምሕረቱን ብምልኣት ከይተፋረረቸ ዘየባትኽ ቀጻሊ እዩ። እምበኣር እቲ እነምልኾ ብዘይ ፈራርቖ 100% ናይ ኪዳን ኣምላኽ እዩ።

## 4. ኣብ ዙርያ እቲ ዝፋን፡ ዕስራን ኣርባዕተን ሽማግሌታት (4፡4)።

ኣምላኽ ኣብ ዝፋኑ ኣሎ። ብሕቱው ዝፋን ድማ ኣይኰነን። ካብቶም ምስ ኣምላኽ ኣብቲ ዝፋኑ፡ ኣብ መንግስቱ ተሳተፍቲ ዝኾኑ፡ ቀዳሞት ተሰምዮም ዘለዉ፡ እዞም ብትእምርቲ ዕስራን ኣርባዕተ ሽማግለታት ተመሲሎም፡ ኣብ ዙርያ እቲ ዝፋን ዘለዉ እዮም። ኣብቲ መንግስቱ "ኣብ ዙርያ እቲ ዝፋን ከኣ ዕስራን ኣርባዕተን ዝፋናት፡ ኣብቲ ዝፋናትውን ጻዕዳ ኽዳውንቲ እተኸድኑ ኣብ ርእሶም ከኣ ኣኽሊል ወርቂ እተኸለሉ ዕስራን ኣርባዕተን ሽማግሌታት ተቐሚጦም ርኤኹ" ይብል ዮሃንስ።

(1) ቍጽሮም፡ ዕስራን ኣርባዕተን።

(2) መለዮኦም፡ ሽማግሌታት።

(3) ኣበይከ ኣለዉ? ኣብ ዕስራን ኣርባዕተን ዝፋናት ተቐሚጠም፡ ኣብ ዙርያ እቲ ዝፋን ረኣዮም።

(4) ትርኢቶምከ? ጻዕዳ ክዳውንቲ እተኸድኑ፡ ኣብ ረርእሶም ከኣ ኣኽሊል ወርቂ እተኸለሉ እዮም።

እዚኣቶም ትእምርቲ (ምልክት) ናይ ሓደ ጕጅለ ኣብቲ ዝፋን ኣምላኽ ዘለዎ ሰማይ ዘለዉ እዮም። እዚኣቶም መላእኽቲ ኣይኰኑን። እንታዎት ምዃኖም ኣብ 5፡9-10 ተሓቢሩ ኣሎ።

ምልክት ናይ እቶም ካብ ኵሉ ዓሌታትን ቋንቋታትን ህዝብን ኣህዛብን ብቤዛነት የሱስ ክርስቶስ ተኻፊልቲ መንግስቱ ክኾኑ ዝበቕዑ፡ ነዚ እናኣስተማቐርዎ ድማ ዝሕጐሱ፡ እሞ ናቱ መንግስትን ካህናትን ዝኾኑ እዮም። ትእምርቲ ናይ መንግስተ-ሰማያት ዝኣተዉ ሰባት ሓደ ዓቢ ጕጅለ እዮም።

ቊጽሮም ዕስራን ኣርባዕተን ምዃኑኸ ናይ እንታይ ትእምርቲ የመልክት? እዚ መን መንግስተ-ሰማያት ይኣቱ ንዚብል ሕቶ ሓደ ዓቢ መልሲ ይህበና። ኣህዛብ ኣለዉ፡ እስራኤል ድማ ኣለዉ ማለት እዩ እቲ ዕስራን ኣርባዕተን ትእምርቲ። ካብ "ኵሉ ዓሌታትን ቋንቋታትን ህዝብን ኣህዛብን" ኣለዉ እዩ ዚብል ዘሎ።

ሽማግሌታት ክብል ከሎ ሓበሬታኡ ናይ ዕድመ ምልክት፡ ዝኣረገ ማለት ከም ዘይኰነን ንገንዘብ። ትእምርቲ ናይ ኵሎም ዓሌታትን ቋንቋታትን ህዝብን ኣህዛብን ኣብቲ ድሕሪ መዋእል ቤተ-ክርስትያን ዝመጽእ መንግስቲ ኣምላኽ (ዝፋኑ) ብዕሊ ዝሳተፉ ምዃኖም እዩ ዘመልክት። ሽማግሌታት ማለት ድማ ተኻፈልቲ መንግስቲ ኣምላኽ ምዃኖም ይሕብር።

እቲ ዘለዉዎ ቦታ ድማ ኣብቲ ኣምላኽ ባዕሉ፡ ኣብቲ ዝፋኑ ዘለዎ፡ ኣብ ዙርያኡ፡ ኣብ ዝፋናት ተቐሚጦም ኣለዉ። ማለት ኣብቲ ዝመጽእ መንግስቲ ኣምላኽ ዝኣተዉ ጥራይ ዘይኰነስ፡ ኣብኡ ናይ ቀረባ ተሳተፍቲ፡ ስልጣን ዝለበሱ እዮም።

ትርኢቶምከ? ጻዕዳ ክዳውንቲ እተኸድኑ፡ ኣብ ረርእሶም ከኣ ኣኽሊል ወርቂ ዘለዎም እዮም። ጻዕዳ ክዳውንቶም ምልክት ናይ ቅዱሳት ምዃኖም፡ ኣብ ረርእሶም ኣኽሊል ወርቂ እተኸለሉ ምዃኖም ድማ ተዓዊቶምሲ ኣብቲ ሰፊሕ ምምሕዳር መንግስቲ ኣምላኽ ሓንጐፋይ እተባህሉ፡ መካየድቲ መንግስቱ - ነጋውስትን ካህናትን ምዃኖም ይሕብር።

እዞም ዕስራን ኣርባዕተን፡ ከም ኣመንቲ መንነትና ዘዘኻኽሩና እዮም። ንሓዋሩ ክንጭምቶ ዘሎና ዕላማና፡ ሃገርና፡ ሰማይ፡ መንግስቲ ኣምላኽ (ዝፋኑ) እዩ ይብሉና። ትእምርቲ ኘእY እዞም ዕስራን ኣርባዕተን ሽማግለታት ከም ዝምህረና፡ እቲ መደብ ኣምላኽ፡ ኣብቲ መንግስቱ ኣተውቲ ኣሞ ኣባላቱ ጥራይ ክንከውን ዘይኰነስ፡ ኣብኡ ተሳተፍቲ ክንከውን ምዃኑ እዩ።

ይቕጽል